Tigrinja

# ኣብ መዋእለ ህጻናት፡ መባእታ ቤት ትምህርትን መዘናግዒ ማእከላት ዘሎ ርኢቶታት

መዋእለ ህጻናትና፡ መባእታ ቤት ትምህርታትናን መዘናግዒ ማእከላትና ኣብ ምምዕባል ንጥፈታተን ቀጻሊ እየን ዝሰርሓ። ስለዚ ዘሎኩም ርኢቶታት ኣብ ምዕባለን ብቑዕ ዝኾነ ስራሕ ኣብ ምስራሕ ኣገዳሲ እዩ። መዋእለ ህጻናት፡ መባእታ ቤት ትምህርታት ወይ ድማ መዘናግዒ ማእከላት ነቲ እተጸበኹእዮ ብቕዓት የማልኣ እንተድኣ ዘየለዋ፡ ወይ ውን ንስኹም ኮነ ደቅኹም ብዝኾነ ነገራት ሕጉሳት እንተዝይኰንኩም፡ ነዚ ኣብ ታሕቲ ተጠቒሱ ዘሎ ቤት ጽሕፈት ህጻናትን ትምህርትን ንኽትውከሱ ብትሕትና ንሕብር።

እቶም ብዛዕባ ጉዳይካ ቀዳሞት እትውከሶም ሰባት፡ኣብ መዋእለ ህጻናትን መዘናግዒ ማእከላትን ዘለዉ ሰራሕተኛታት እዮም፡ ወይ ኣብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ዘሎ መምህር ድማ፡ ካብዚ ቀጺሉ ድማ ነቲ ብምልኡ ስራሕ ርእሰ መምህር ዘሎ ክርከብ ይከኣል።ብዛዕባ ኣተሓሕዛ ጉዳይካ እንተድኣ ዘይተሓጎስካ፡ ናብ ምምሕዳር ቤት ጽሕፈት ህጻናትን ትምህርትን ክትከይድ ትኽእል ኢኻ። ርኢቶታትን ጥርዓናትን ከም ዝድላይነቶም ተራእዮም ክምርመሩ እዮም። ብስሕርዚ ነቲ ብመጀምርታ ነቲ ሓበሬታ ዘምጽአ ሰብን ነታ ኣብ ምልክት ሕቶ ዘሎ ትካልን ድማ መልሲ ናይ ርኢቶታቶም ክወሃቦም እዩ።

ርኢቶታትኩም ብመልክዕ ዲጂታል( ኮምፒተር) ከተቕርብዎ ምስ እትደልዩ፡ ኣብ “ርኢቶታትን ጥርዓናትን” ዝብል መጠወቒ ዘለኦ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኢንተርነት ኣብኡ ጠውቑ።* ስምካ ከይጠቐስካ ርኢቶታትካን ጥርዓናትካን ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ፡ እንተኾነ ግና ውልቃዊ ዝኾነ መልሲ ናይ ርኢቶታትካ ኣብ ጉዳይካ ምስ እትደሊ፡ ስምካን ክልእ መወከሲ ሓበሬታታት ክትህበና ክድልየካ እዩ።

ዘሎካ ሓሳባት ብመልክዕ ዲጂታል (ኢንተርነት) ክትሰዶም እንተድኣ ዘይክኢልካ፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ናይ ጶስጣ ክትሰዶ ትኽእል ኢኻ:

Bollnäs kommun
Barn- och utbildningskontoret
Stadshustorget 2
821 80 Bollnäs)

ኣተሓሕዛ ምምሕዳር ኣብ ልዕሊ ርኢቶታትካን ጥርዓናትካን ምስ ዘየዕግበካ፡ ናይ ጥርዓን መዝገብ ናይ መርማሪ ቤት ትምህርታት ሽወደን ከተእቱ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ምምሕዳር ካብ ዘለዋ ናጻ ዝኾና መዋእለ ህጻናት፡ መባእታ ቤት ትምህርታት ወይ ድማ መዘናግዒ ማእከላት፡ ርኢቶታት ወይ ድማ ጥርዓናት ምስ ዝህልወካ ብቐጥታ ናብቲ ዝምልከቶ ትካል ክትከይድ ኣለካ።

ኣብ ላዕለዋት ደረጃ ቤት ትምህርታት ዝኾነ ረኢቶታት ምስ ዝህልወኩም፡ ወይ ድማ ዝኾነ ፍሉይ ሓገዛት ዘድልዮም ተማሃሮ ምስ ዝህልዉ ናብ ማሕበር ትምህርቲ ሃልሲንግላድ (Hälsingland),ኣብ መርመብ ሓበሬታ ድማ በዚ ኣድራሻ www.hufb.se ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ንዘለኩም ሓሳባትን ርኢቶታትን ኣብቢ ጠውቑ

*ኣብ ምምሕዳር ቦልናስ ዘሎ ናይ ኣተሓሕዛ ርኢቶታት ኣብ ትግባረ ትምህርቲ ምዕራፍ 4 ዓንቀጽ 8 ሰፊሩ ዘሎ እዩ (2010:800)